
ጽሑፍን ስእልን፡ ዊለም ደ ቪንክ


# ኢየሱስ መድሓኒ

እቲ ንዓለም ዝቐየረ ሰብኣይ /ዝዓበየ ታሪኽ ናይ ዘመንና/



# እዚ እንታይ ማለት እዩ ....














**ሓጢኣት፡-** ንሕና እንገብሮ፡ እግዚኣብሄር ግን ዘይፈትዎ፡ ንሱ ኣብ ዝሓሰበልና ቦታ ንኸይንበጽሕ ዝገብር እዩ። (ገጽ 4)

**መልኣኽ፡-** ብዓይኒ ዘይርአ ልኡኽ እግዚኣብሄር (ገጽ .5)

**መሲህ፡-** “ንንግስና ዝተቐብአ” ዝብል ኾይኑ ብግሪኽ ድማ ክርስቶስ ማለት እዩ።(ገጽ 52.55)

**መስቀል፡-** ናይ ስቓይ መሳሪሒ ኾይኑ፡ ኢየሱስ ብገዛእ ፍቓዱ ዝሞተሉ እዩ። ሕጂ ግና ንሰዓብቲ ኢየሱስ ምልክቶም ኾይኑ ኣሎ። (ገጽ 25.50)

**መንግስቲ ኣምላኽ፡-** ኣብቲ ሰባት ንኣምላኽ ዝእዘዙሉ፡ ኣብኡ መንግስቲ ኣምላኽ ኣላ።

**መንፈስ ቅዱስ፡-** ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ኮይኑ፡ እግዚኣብሔር ብእኡ ኣቢሉ፡ ኣብቶም ሰዓብቲ ናይ ኢየሱስ ዝኾኑ ሰባት ክነብር ይደሊ።(ገጽ 58)

**መጽሓፍ ቅዱስ፡-** ብዛዕባ እግዚኣብሄር ንሰባት ዘለዎ ኣረኣእያን፡ ነቲ ምስ ሰባት ዘለዎ ጉዳይ ብኸመይ ከም ዝፈትሖን፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተንብብ።

**ምጽኣት፡-** ኢየሱስ ተመሊሱ ናብ ምድሪ ምስ መጸ፡ ኩሉ ነገር ሓድሽ ክኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክገብር እዩ። (ገጽ 57)

**ሰይጣን፡-** ዘይረአ ጸላኢ እግዚኣብሄርን ሰብን (ዲያብሎስ ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ።

**ቁርባን፡-** ሰዓብቲ ኢየሱስ፡ ብወይንን ሕብስትን ገይሮም ሞቱን ትንሳኤኡን ዝዝክርሉ እዩ።(ገጽ41)

**በረኸት፡-** እቲ እግዚኣብሔር ነቶም ፍቓዱ ዝገብሩ ሰባት ክህቦም ዝደሊ፡ ኩሉ ጽቡቕ ነገር እዩ።

**ትንሳኤ፡-** ኢየሱስ ኻብ ሞት ተንሲኡ፡ ሓደ መዓልቲ ድማ ኹሉ ሰብ ኻብ ሞት ኽትንስእ እዩ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንኹሉ ሰብ ኽፈርድ እዩ።(ገጽ 53-57)

**ኢየሱስ፡-** ሽም ናይ ወዲ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ “ኣምላኽ የድሕን“ ማለት እዩ

**እምነት፡-** እግዚኣብሔር፡ እቲ ዝኣተዎ ቃል ኩሉ ከም ዝገብሮ፡ ኣርግጺካ ምርዳእ እዩ። (ገጽ 58)

**ወደ መዝሙር፡-** ሰዓቢ ናይ ኢየሱስ ማለት እዩ። (ገጽ 18)

**ወዲ ኣምላኽ፡-** ሽም ናይ ኢየሱስ እዩ። ንሱ ኣምላኽ ክነሱ ከም ሰብ ኰይኑ ናብ ዓለም መጺኡ፥ ከም ወዲ ኣምላኽ።

**ዘለኣለም ህይወት፡-** ከምቲ መደብ ኣምላኽ፡ ንዘልኣለም ምስ ኢየሱስ ምንባር። እዚ ንሞት ይስዕር፡ መወዳእታ ኽኣ የብሉን። (ገጽ 23.29-30.59)

**ይቕሬታ፡-** ሓደ እኳ ዘይግብኦ ክነሱ፡ ኣምላኽ ግና ይቕረ ይብል። እንድሕር ድኣ ብሓጢኣትካ ተጣዒስካን ንኽትልወጥ ደሊኻን፡ ኣምላኽ ይቕረ ይብል እዩ። ኢየሱስ መቕጻዕትና ስለ ዝተሸከመ፡ ይቕሬታ ምርካብ ይከኣል እዩ።(ገጽ 58)

**ጸሎት፡-** ቀስ ኢልካ ወይ ከኣ ዓዉ ኢልካ ምስ እግዚኣብሔር ምዝርራብን ንዕኡ ምስማዕን እዩ።(ገጽ 18.19.42)

**ፋሲጋ፡-** ትንሳኤ ናይ ኢየሱስ ዝበዓለሉ በዓል። በዓል ፋሲጋ ኣይሁድ  ኣብቲ መዓልቲ እዮም ዘብዕልዎ። (ገጽ 38-54)



## ኢየሱስ መድሓኒ መንዩ?


ኢየሱስ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ነይሩ። “ኢየሱስ መድሓኒ” ወይ ድማ “ኢየሱስ ክርስቶስ” ኢልና ንጽውዖ። ትርጉሙ ንጉስ ማለት እዩ። ይኹን እንበር ንጉስ ጥራሕ ኣይኮነን። ኢየሱስ “ወዲ ኣምላኽን” “ወዲ ሰብን” ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ማለት ድማ፡ ንሱ እግዚኣብሄርን ሰብን እዩ ማለት እዩ። ታሪኽ ሂወት ኢየሱስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ዘመናት ኩሉ እቲ ዝበለጸ ታሪኽ እዩ።

## ናይ ኢየሱስ ጊዜ

ኣቆጻጽራ ዘመንና ምስ ምውላድ ኢየሱስ እዩ ጀሚሩ። ሰባት ብኣእጋሮም፡ ብኣእዱግ፡ ብኣግማል፡ ወይ ድማ ኣብ ኣፍራስ ተወጢሖም ይጎዓዙ ነበሩ። ቀንዲ ክፍልታት ናይ ኣውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ከምኡ ውን ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማ እዩ ኔሩ። ዝበዝሐ ሰብ ምጽሐፍን ምንባብን ኣይክእልን እዩ ኔሩ፡ ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ግን ይኽእሉ ኔሮም። "ናይቲ መጽሓፍ ሰባት" ተባሂሎም ይጽውዑ ነበሩ።

እግዚኣብሄር ኣብቲ መጽሓፍ ማለት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ተዛሪቡ ኣሎ። ንሱ ናይዚ ዘሎ ኹሉ ፈጣሪ እዩ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ምሕዝነት ክገብር ይደሊ። እዚ ድማ ኢየሱስ ብግልጺ ኣርእዩና ኣሎ።






# እስራኤል ኣብ ዘመን ኢየሱስ

**ዋና ኸተማ፡-** የሩሳሌም

**ወረዳታት፡-** ገሊላ ሰማርያ ይሁዳ

**መጠኑ፡-** ብግምት 28,000 km2 (10,810 sq.miles)


**ኩነታት ኣየር፡-** ሓውሲ ትሮፒካዊ

**ፖለቲካ፡-** ካብ 63 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ጀሚሩ፡ እቶም ሮማውያን ንእስራኤል ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ገይሮማ።

**መንግስቲ፡-** ጴንጤዎስ ጲላጦስ፡ ሮማዊ ኣማሓደሪ ኣብ እስራኤል ክኸውን ከሎ፡ ጢቤርዮስ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ይገዝእ ነበረ።

**ሃይማኖት፡-** ይሁድነት። ኣይሁዳውያን ኣብ የሩሳሌም ቤተ መቕደስ ኣለዎም። ኣብኡ ነቲ ሃይማኖት ዘገልግሉ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ዝሰርሑ ካህናትን፡ በቲ መጽሓፍ ቅዱስ ጌሮም ነቲ ህዝቢ ዝመርሑ መምሃራንን (ከም በዓል ፈሪሳውያን) ኣለው።


**ቋንቋ፡-** እብራይስጢ(ናይ ኣይሁድ ቋንቋ እዩ)፡ ግሪኽ (ብዓለም ደረጃ ዝዝረብ ቋንቋ)፡ ላቲን (ናይ ሮማዊያን ቋንቋ)





እዚ ኵሉ ሰብ እንታይ ኮይኑ እዩ ኣብ ሩባ ተኣኪቡ ዘሎ?



ኣምላኽ ሓዲሽ ነገር ክገብር እዩ'ሞ፡ ርእስኹም ኣዳልዉ!


ሓድሽ ህይወት ጀምሩ!
ካብ ኣምላኽ ከተምልጡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እቲ ምሳር ፍርዲ ኣምላኽ፡ ኣብቲ ጉንዲ ኦም ተነቢሩ ኣሎ።
እምብኣርከስ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኲሉ ኦም ይቘረጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ።
ስምዕዎ እሞ። ጽቡቕ'ዶ ኣይኰናን ዘሎና?
ብርግጽ ኩላትና ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ክንምልቍ ኣይንኽእልን ኢና። ግናኸ ንኩለንትናኹም ዝልውጥ ብድሕረይ ዝመጽእ ኣሎ። ንሱ ከድሕነኩም እዩ።
ብሓቂ፡ ህይወትኩም ክልወጥ እንተ ደሊኹም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ'ሞ ኣብቲ ማይ ኸኣ ተጠመቑ።
ሕጂ ካብ ሓጢኣትኩም ዝነጻህኩም ሓዲሽ ህይወት ንምጅማር እዩ።


ኵሉ ሰብ ነቲ ኣብቲ ሩባ ዘሎ ሰባኺ: ዮሃንስ መጥምቕ ኢሉ ይጽውዖ ነበረ።
ኣነ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰይ ኣይኮንኩን ዝምስክር። ኣነስ ነቲ ብድሕረይ ዝመጽእ እየ ዘዳልወኩም ዘለኹ። ንሱ ኣምላኽ ካባኹም እንታይ ከም ዝደሊ ከርእየኩም እዩ፡ ብሓዊ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ከጥምቐኩም እዩ። ብኸምዚ ካልእ ሰባት ገይሩ ክልውጠኩም እዩ።
ብምቕጻል ...........
ኣነ ደኣ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ።
ፍቓድ ኣምላኽ ክንገብር ይግብኣና እዩ'ሞ ይኹን ደኣ ሕደግ ኣጥምቐኒ።
ኣቦ መንግስትኻ ትምጻእ ፍቓድኻ'ውን ይኹን!
ብድሕርዚ ካብ ሰማይ ድምጺ ተሰምዐ . . .
ብኣኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ንስኻ ኢኻ!


ዮሃንስ መጥምቕ ንእስራኤላውያን፡ ንምምጻእ እቲ መሲሕ የዳልዎም ኔሩ። ኣብቲ እዋን እቲ: ሮማውያን ዝበዝሐ ክፍሊ ዓለም ይገዝኡ ኔሮም። ሽው እስራኤል ንእሽቶ ግዝኣት ናይ መንግስቲ ሮማ እያ ነይራ።
ቅፍርናሆም
ናዝሬት
ቃና
ገሊላ
ዮርዳኖስ
የሩሳሌም
ይሁዳ
እስራኤል
ኣይሁዳውያን ነቲ መሲሕ ይጽበይዎ ኔሮም። ኣብቲ ብሉይ መጻሕፍቶም: ከም ዝመጽእ: በቶም ነብያት ተነጊርዎም እዩ። ንእስራኤል ዓባይ ክገብራ እዩ ......
ዮሃንስ መጥምቕ ግና: ኣብቲ ሩባ ዮርዳኖስ: ኢየሱስ ገንሸል ኣምላኽ ከም ዝኾነ ሓቢሩ . . .
እንሆ! “ሓጢኣት ኵሉ ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ”
ድሕሪ ጥምቀቱ፡ መንፈስ ኣምላኽ ናብ ምድረ በዳ መርሖ።
ኢየሱስ 40 መዓልትን ለይትን ኣብ በረኻ በይኑ ነበረ። ምግቢ ከይበልዐ እንዳጸለየ፡ ነቲ ዕዮ ይዳሎ ነበረ።
ኢየሱስ መደብ ኣምላኽ ክፍጽም እዩ። ኣምላኽ'ሲ ሰባት ካብቲ ንኽስን ንሞትን ዘለዎም ፍርሒ ክናገፉ እዩ ዝደሊ።
ኢየሱስ፡ ምስቲ ዘይረአ ገዛኢ ጸልማት፡ ጸላኢ ኣምላኽን ጸላኢ ደቂ ሰብን ዝኾነ ሰይጣን ይዋጋእ። ንሱ ንዓለም ብጽልእን: ሕማምን: ሞትን ይገዝኣ።
እወ! ኣቦይ ፍቓድካ ንምግባር ተዳልየ ኣለኹ።


ሰይጣን ግና ንኢየሱስ ካብቲ ዝተዋህቦ ተልእኾ ኣምላኽ ምእንቲ ከዛናብሎ: ሓሳብ ኣምጺኡሉ።
ወዲ ኣምላኽ እንተ ኼንካስ እዚ ኣእማን እንጀራ ክኸውን በል በሎ!
ኢየሱስ ግና፡ "ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ቓል እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን፡ ተባሂሉ ተጻሒፉ ኣሎ" በሎ።
ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ እንተደኣ ኮይንካ፡ መላእኽቲ ብኣእዳዎም ከልዕሉኻ እዮም: ተባሂሉ ተጻሒፉ ኣሎ'ም፡ እስከ ካብቲ መቕደስ ንታሕቲ ገጽኻ ጽደፍ በሎ።
"ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ" ተባሂሉ ድማ ተጻሒፉ ኣሎ።
ፍግም ኢልካ እንተ ሰጊድካለይ፡ እዚ ኹሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ስልጣን ክህበካ እየ።
ሽው ኢየሱስ፡ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ ንዕኡ በይኑ ድማ ተገዛእ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡ ኪድ ርሓቕ ሰይጣን" በሎ።
ሰይጣን ድማ ንጊዜኡ ንኢየሱስ ሓዲግዎ ከደ። መላእኽቲ ድማ ከገልግልዎ መጹ።
ኢየሱስ: ናብታ ዝዓበየላን፡ ብሰሜን እስራኤል ብዙሕ ህዝቢ ናብ ዝነብረላን ኣውራጃ ገሊላ ተመልሰ። ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ነበረ። ኣብ ጕዕዞኡ ብዙሓት ናብኡ ይመጹ። እቲ ጽሑፋት ዝተዛረቡሉ ክርስቶስ ምዃኑን ዘይምዃኑን ድማ ክፈልጡ ይደልዩ ነበሩ።



ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኾነ።
ኢየሱስን ኣዲኡን ከምኡውን ደቀ መዛሙርቱ ኣብቲ መርዓ ነበሩ።


ዳርጋ ፍርቂ ስነ ስርዓት ናይቲ መርዓ ከሎ . . .
ሓደ ጸገም ተፈጥረ! ወይኒ ተወድአ!
ንሱ ዚብለኩም ግበሩ!
እቲ ዓበይቲ ኣጋንእ ማይ ምልእዎ፡ ቀዲሕኹም'ውን ነቦ ዳስ ኣጥዕምዎ።
?
ማይ? እዚ እኮ ወይኒ እዩ! ዝበለጸ ወይኒ!
ጠዓሞ! እቲ ጽቡቕ ወይኒ ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒሕካዮ።
ቅድሚ ሕጂ'ኳ ከምዚ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ! ከመይ ዓይነት መርዓ እዩ! ማይ ናብ ጥዑም ወይኒ ዝተቐየረሉ! ዝበለጸ ወይኒ!
ኢየሱስ ናዝሬታዊ እዩ ከምኡ ገይርዎ።
መን እዩ ንሱ?


ቅፍርናሆም፡ ኣብ ጥቓ ሩባ ገሊላ እትርከብ፡ ዓሳ ዝግፈፉ፡ ሃብታም ዓዲ እያ። ኣብኣ ኢየሱስ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ክዛረብ ጀመረ.........
ኣብዚ ቦታ እዚ፡ ቀዳሞት ሰዓብቱ መረጸ።
ጴጥሮስ: ናብቲ ዓሚቝ ባሕሪ ንኺድ: ኣብኡ ድማ መርበብካ ደርብዮ።
ጐይታ: ለይቲ ብምልእታ ክንጽዕር ሓዲርና ዝሓዝናዮ የብልናን።
ከም ቓልካ ግና ነዚ መርበብ እድርብዮ።
እንታይ! እዚ ኹሉ? ኣይኣምንን እየ!


ያእቆብ! ዮሃንስ! ንዑ ሓግዙ! እዚ ክንድ'ቲ ዕድሜና ምሉእ ዝገፈፍናዮ እዩ!
ጐይታ ካባይ ርሓቕ! ኣነ ሓጢኣተኛ ሰብ እየ።
ጴጥሮስ ኣይትፍራሕ።
ካብ ሎሚ፡ ገፋፊ ሰብ ክትከውን ኢኻ።
ስዓበኒ!


ኢየሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ብሓባር ኾይኑ: ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤል ይመላለስ ነበረ። መንግስቲ ኣምላኽ ትመጽእ ኣላ እናበለ፡ ንኹሉ ሰብ ይሰብኽ፡ ዘረብኡ ኽኣ: ሓይልን ጸጋን ዝመልአ ነበረ። ዝተፈላለየ ሕማም ዘለዎም ፈወሰ። ኣጋንንቲ ዝሓደሮም ሓራ ገበረ። ብዙሓት ሰባት ድማ እናተደነቑ ሰዓብዎ። ካብ ዋና ከተማ እስራኤል የሩሳሌምን፡ ካብ ካልኦት ኣውራጃታትን ናብኡ ይመጽኡ ነበሩ . . .
ኣቱም ንኣምላኽ እትደልይዎ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ናትኩም እያ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም።
ጽድቂ ዝጠምዩን ዝጸምኡን ክጸግቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም።
ዝጉህዩ ምጽንናዕ ክረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም።
ኣቱም ንኻልኦት ጽቡቕ እትገብሩ: ኣምላኽ ድማ ንዓኹም ጽቡቕ ክገብረልኩም እዩ እሞ: ብጹኣን ኢኹም። ገበርቲ ሰላም: ውሉድ ኣምላኽ ክትበሃሉ ኢኹም።


ከምቲ ሰባት ክገብሩልኩም እትደልይዎ፡ ንስኻትኩም'ውን ኸምኡ ግበሩ።
ጸላእትኹም ፍተዉ፡ ስለኦም ድማ ጸልዩ።
ሰናይ ግብርኹም ብሕቡእ ግበርዎ። ኣቓልቦ ሰብ ንምስሓብ ኣይትግበሩ።
ንሰበይቲ ብርሑቕ ርእዩ ዝተመነየ፡ ብልቡ ምስኣ ዘመወ።
ዓይኒ፡ ኣካላት ብርሃን እያ። ዓይንኹም ብሩህ እንተ ኾይኑ፡ ኹሉ ኣካላትኩም ብርሃን ይኸውን፡ ዓይንኹም እንተ ጸልመተ ግና ኣብ ጸልማት ኢኹም እትነብሩ።
ሓደ ሰብ ንኽልተ ጐይቶት ኸግዛእ ኣይኽእልን እዩ፡ ወይ ንኣምላኽ ወይ ድማ ንገንዘብ።
ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ። መጀመርታ ንኣምላኽን ነቲ ንሱ ዝደልዮን ድለዩ፡ እቲ ካልእ ክስዕብ እዩ።
ከምቲ ኣነ ዝብለኩም ግበሩ። ሽዑ ነቲ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሐ ሰብኣይ ክትመስሉ ኢኹም። ከምኡ እንተዘይገበርኩም ግና፡ ከም ኣብ ሑጻ ቤቱ ዝሰርሐ ኢኹም ትኾኑ።


ሓደ መዓልቲ: ኣብ ቅፍርናሆም: ኣብቲ ኢየሱስ ዝነበሮ ውሽጢ ቤትን ኣብ ዙርያኡን ብዙሓት ሰባት ተኣኪቦም ነበሩ።
ክንሓልፍ ኣይንኽእልን ኢና።
ስለዚ፡ ምስ ዓራቱ በቲ ናሕሲ ብሓንሳእ እዩ ክኸውን።
እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ?
ግደፍዎም! እቶም ኣዕሩኽቱ ዓባይ እምነት ኣላቶም።
ኩሉ ኣበሳኻ ተሓዲጉልካ እዩ።
ሰሚዕኩሞ’ዶ? ከመይ ገይሩ ከምኡ ይብል?
ኣብ ኣምላኽ ይላገጽ ኣሎ!
ኣምላኽ ጥራይ እዩ ሓጢኣት ሰብ ክሓድግ ዝኽእል።
ኣየናይ ይቐልል፡ 'ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ' ምባል'ዶ: ወይስ 'ተንሲእካ ተመላለስ' ምባል?
እቲ መድሓኒ ሓጢኣት ንምሕዳግ ስልጣን ኣለዎ። ኣነ ግና ከምዚ እብል ኣለኹ: ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ።




ኢየሱስ ብዙሕ ጽቡቕ ግብርታት ጌይሩ። ከምኡ'ውን: ብጥበብን ብስልጣንን እዩ ዝዛረብ። ንሱ ምሕረትን ጸጋን ጥራይ እዩ ዘንጸባርቕ። ግና: ኩሎም ብእኡ ሕጉሳት ኣይነበሩን። እቶም ሕጊ ክኽበር ኣለዎ ዝብሉ ዝነበሩ መራሕቲ: ኢየሱስ ሕጊ ዘኽብር እንተ ኾይኑ ኢሎም ይከታተልዎ ኔሮም። ንኣብነት ከም መዓልቲ ሰንበት ዝኣመሰለ። ሰንበት መዓልቲ ኣብ እስራኤል ክትሰርሕ ብፍጹም ኣይፍቀድን እዩ።


















ኣብ ሞንጐ ኢየሱስን እቶም መራሕትን ዝነበረ ምጥምማት እንዳገደደ ምስ ከደ: ኢየሱስ ከንሳሕብ ጀመረ። ምስ ደቂ መዛሙርቱ ከኣ: ኣብ ባሕሪ ገሊላ ብጃልባ ጌሮም ክኸዱ ጀመሩ። ግና .......
ጐይታ! ርድኣና! ንጥሕል ኣለና!
ስለምንታይ ትፈርሑ፧ እምነትኩም ደኣ ኣበይ ኣላ፧


ህዳእ! ጸጥ በል!









ንጃልባኦም ኣብቲ ስግር ኣሰርዋ። ኣብቲ ጎቦታት: ኣውያት ብኽያት ተሰምዐ . . .
ኡይይይይይይ!
15.


ኣብቲ በረኻ: በይኑ ብኣጋንንቲ ዝተታሕዘ ሰብኣይ: ይነብር ነበረ።
ንሱ! ኡህህ!
ይመጽእ ኣሎ!
እወ: እወ። ኢየሱስ!
ኣታ ርኹስ መንፈስ: ሕደጎ!!
ወዲ ልዑል ኣምላኽ: ምሳኻ'ኸ እንታይ ኣሎኒ?
መን'ዩ ሽምካ?
ለጌዎን: ምኽንያቱ ብዙሓት ኢና።
ናብቶም ሓሰማታት እንዶ ስደደና።
ኪዱ!


?
ሕጂ ኹለንትናይ ሓዊየ ኣለኹ!
ኪዱ! ካብዚ ርሓቑልና!
ምሳኻ'ዶ ክመጽእ?
ኣብዚ ድኣ ጽናሕ። ኣምላኽ እንታይ ከምዝገበረልካ ንኹሉ ሰብ ተዛረብ።


ኣነ ኣቦይ ዝበለኒ ጥራይ ከም ዝገብር፡ ኣፍልጠኩም ኣሎኹ። ንሱ እዩ ልኢኹኒ።
ኢየሱስ ከም ልማዱ: ንኽጽሊ: ጽምው ናብ ዝበለ ቦታ ኸደ።
ምሉእ ለይቲ ክጽሊ ምስ ሓደረ: ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ መረጸ። በብኽልተ ገይሩ ድማ ለኣኾም። ኣብ ልዕሊ ሕማምን ኣጋንንትን ድማ ስልጣን ሃቦም።
ንሳቶም ከኣ: እቶም ኣሕዋት ዝኾኑ፡ ጴጥሮስን እንድርያስን . . .
ኣሕዋት ዝኾኑ: ያእቆብን ዮሃንስን . . .
ፊልጶስን ናትናኤልን . . .



ቶማስን ማቴዎስን (ንሱ፣ እቲ ኣቐዲሙ ነቶም ሮማውያን ገዛእቲ፣ ግብሪ ዝእክብ ዝነበረ እዩ) . . .
ታዴዎስን እቲ ኻልኣይ ያእቆብን . . .
ተቓዋማይ ተቓላሲ ዝነበረ ስምኦንን: ይሁዳ ኣስቆሮታውን . . .
ኺዱ! እቲ ንዓኹም ዝተቐበለ ንዓይ ይቕበል። እቲ ንዓይ ዝተቐበለ ኸኣ ነቲ ዝለኣኸኒ እዩ ዝቕበል።
እቶም ደቂ መዛሙርቲ: ካብቲ ተላኢኾሞ ዝነበሩ እናተሓጐሱ ተመልሱ። ንሳቶም ኩሉ እቲ ኢየሱስ ዝበሎም ገበሩ። ድሕር'ዚ ኢየሱስ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ኲይኑ ናብ ጽምው ዝበለ ቦታ ክኸይድ ደለየ። ግናኸ እቶም ህዝቢ ኣይሓደግዎምን።
ርኣዩ! እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ። እቶም ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ: እኽሉ ዝእክቡ ዓየይቲ ክልእኽ ለምንዎ።



ኢየሱስ እናመሃረን እናፈወሰን ከሎ፡ መሰየ (ጊዜ ሓለፈ)።
ፊሊጶስ፡ እዞም ኹሎም ሰባት፡ ምግቢ ካበይ ከምጽኡ እዮም? ንምንታይ ገለ ዝብላዕ ዘይትህብዎም?
ክልተ ሚእቲ ዲናር ጥራሕ እዩ ዘሎና። ንሱ ነዚ ኹሉ ሰብ እኹል ኣይኰነን!
ኣብዚ ሓደ ቆልዓ ኣሎ፡ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ዝሓዘ። እዚ ጥራሕ እዩ ዘሎ።
ነቶም ሰባት በብሓምሳ እናገበርኩም ኣቐምጥዎም።
ኢየሱስ ንኣምላኽ ኣመስገነ ....
ነቲ እንጀራን ዓሳን ቈረሶ . . .



ኢየሱስ ነቲ ምግቢ ምስ ኣብዝሖ። ኣሻሓት ህዝቢ በሊዖም ጸገቡ . . .
ነዚ ንጉስ ክንገብሮ ኣሎና!
እዚ ብሓቂ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለልና መድሓኒ ዓለም እዩ!
ርኣይዎ'ሞ! ገና ዓሰርተ ኽልተ ሙሉእ ሞሶብ ተሪፉ!
ሕጂ ነዚ ህዝቢ ነናብ ቤቱ ስደድዎ። ኣብዛ ጃልባ ኣቲኹም ናብቲ ማዕዶ ተሳገሩ: ኣነ ኸኣ ንኽጽሊ ኣብዚ ክጸንሕ እየ።




በታ ለይቲ ..........
እዋይይይይ! ምትሃት እዩ!
ኣይትፍርሑ። ኣነ እየ!
ጐይታ፡ ንስኻ እንተ'ኼንካስ፡ ብማየ ማይ ኣቢለ ናባኻ ኸመጽእ ተዛረብ!
ንዓ!
ጐይታይ፡ ኣድሕነኒ!
ጴጥሮስ፡ ንምንታይ ትጠራጠር?


ገሊኦም: ንኢየሱስ ንጉስ ክገብርዎ ደለዩ። ንገዛእቲ ሮማውያን ከባርረልና እዩ ኢሎም ተስፋ ይገብሩ ነይሮም። ንኢየሱስ ዝቓወሙ እንዳበዝሑ ኸዱ። ከምኡ ውን ንሰባት እንዳሓገዞም ከሎስ: እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ግና: ሕጊ ይጥሕስ ኣሎ ኢሎም ይሓስቡ ነበሩ። ንሳቶም ነቲ ህዝቢ ኣንጻሩ ከለዓዕልዎ እሞ: ካብኡ ክገላገሉ ይደልዩ ነበሩ።
መምህር መዓስ ደኣ መጺእካ፧
እንጀራ ስለዝሃብኩኹም ዲኹም ትደልዩኒ ዘለኹም፧
ብዛዕባ እቲ ዘይጠፍእን ዘልኣለማዊ ህይወት ዝህብን እምበር: ብዛዕባ እዚ ጠፋኢ ብልዒ ኣይትጨነቑ።
ኣነ፡ እቲ ዘለኣለማዊ ህይወት ዝህብ እንጀራ እየ። ዓለም ምእንቲ ህይወት ክትረኽብ ስጋይ እውፊ።
ኸመይ ገይሩ እዩ እዚ ሰብኣይ ስጋኡ ንኽንበልዖ ዝህበና?
ዘይረብሕ!
ኪዱ ርሓቑ!!
ንውናይ! ንኹሉ ሰብ የስሕት ኣሎ።
ንስኻትኩም'ከ ክትከዱ'ዶ ትደልዩ ኢኹም?
ጐይታ፡ ናብ መን ኢና እሞ ክንከይድ? ንስኻ ናይ ዘልኣለም ህይወት ቃል ኣሎካ።


ንኢየሱስ ኣፈራርሀዎ። ካብቶም ሰባት ድማ ገሊኦም ብዳርባ እምኒ ክቐትልዎ ደለዩ። ንሱ ግና ካብ ገሊላ ወጸ። ምስ ሰብኡትን ኣንስትን ደቀ መዛሙርቱ ኰይኑ፡ ኣብ ካልእ ክፋል እስራኤል ኣገልግሎቱ ቀጸለ።
ገሊላ
የሩሳሌም
እስራኤል
ድሕሪኡ ናብ የሩሳሌም ገጹ ኣምረሐ።
ሰባት'ሲ መን ዝብሉኒ ይመስለኩም?
ንሳቶምሲ ነብዪ ኢኻ ኢሎም እዮም ዝሓስቡ።
ኣብ መንገዲ ....
ንስኻትኩምከ?
መን እዩ ትብሉኒ?
ንስኻ እቲ መሲሕ፡ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ!
ንሓደ ሰብ እኳ ኣይትንገሩ። እቲ መሲሕ ክሳቓን ክመውትን ናብ የሩሳሌም ክኸይድ እዩ። ግና'ኸ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኻብ መቓብር ክትንስእ እዩ።


ካብ ከተማ ኢየሩሳሌም ወጻኢ፡ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ይቕተሉን ይስቀሉ ነበሩ። እዚ ድማ ጨካን፡ ናይ ሮማውያን ናይ ሞት መቕጻዕቲ እዩ።
ናተይ ክኸውን ዝደሊ እንተ'ሎ፡ መስቀሉ የልዕል፡ ርእሱ ይኽሓድ እሞ ይስዓበኒ።
ንነፍሱ ከድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና ንሱ ኼድሕና እዩ።
ሓደ ኣምላኽ ጥራይ ከም ዘሎ ኽትፈልጥ ይግባእ።
እቲ ኣውራ ነገር፡ ንእግዚኣብሄር ብኹለንትናኻ ከተፍቅሮ፡ ንኻልኦት ድማ ከም ነፍስኻ ጌርካ ከተፍቅር እዩ።


ኣብ እስራኤል ሕማም ለምጺ ዝሓመሙ ሰባት: በቲ ሕጊ መሰረት: ንጹሃት ኣይኰኑን። ንበይኖም እዮም ዝነብሩ። ዋላ ሓደ ሰብ ክትንክፎም ኣይፍቀድን እዩ።
ሕሙማት ይመጹ ከምዘለዉ ከጠንቅቑ ክጭድሩ ኣለዎም...
ለምጻም! ለምጻም!
ጐይታ! ኢየሱስ! ደንግጸልና።


ኺዱ ርእስኹም
ንካህን ኣርእዩ!
ንካህን? ንኽንምርመር?
ድሕሪኡ'ኸ ክንሓዊ ዲና?
?
!
ረኣዩ! ሓወኹ!
ሓዊና!
ንዑ!
ሃሌሉያ! ኣምላኽ ሰናይ
እዩ! ነመስግነካ!
እቶም ዝነጽሁ ዓሰርተ’ዶ ኣይኮኑን
ዝነበሩ? እቶም ካልኦት'ከ ናበይ
ከይዶም? ንኣምላኽ ከመስግኑ'ዶ
ኣይመጹን'ዮም?
ተንስእ! እምነትካ
ፈዊሳትካ ጥራይ ዘይኮነስ
ኣድሒናትካ ድማ ኣላ።


መራሕቲ ሃይማኖት የሩሳሌም ድማ፡ ክጸናጸንዎ ናብ ኢየሱስ ሰባት ለኣኹ። ንሱስ ጽቡቕ ጥራይ ዝገብር ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ምእንቲ ክኸስዎ፡ ገለ ጌጋ ክረኽቡሉ ይደልዩ ነበሩ....
ኢየሱስ ምስቶም ሕማቕ ልማድ ዘለዎም ይጽንበር ነበረ፡ ምስ ኣመንዝራታት፡ ከምኡ ውን ምስቶም ንሮማውያን ዝገልግሉ ኣከብቲ ቀረጽ .....
እቲ መድሓኒ ነቶም ዝጠፍኡ ኩሎም ምእንቲ ከድሕን እዩ ዝመጸ።
ኢየሱስ ብመዓልቲ ሰንበት፡ በቲ ወላ ሓደ ሰብ እኳ ክሰርሕ ዘይፍቀደሉ መዓልቲ፡ ሕሙማት ኣሕወየ።
ተፈወስ!
እቶም ቆልዑ ኸኣ፡ ፍሉይ ኣቓልቦ ናቱ ይረኽቡ ነበሩ . . . .
መንግስቲ ኣምላኽ ንኸምዚኦም ዝበሉ ህጻናት እያ’ሞ ናባይ ይምጽኡ ሕደግዎም በለ።



ድሕሪኡ ኢየሱስ ናብ ቢታንያ፡ ናብታ ኣብ ጥቓ የሩሳሌም እትርከብ ዓዲ ተጸውዐ። ኣልኣዛርን፡ ክልተ ኣሓቱ ማርታን ማርያምን፡ ንኢየሱስ ናይ ቀረባ ፈተውቱ እዮም። ኣልኣዛር ከኣ ብኸቢድ ሓሚሙ ነበረ። ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ በጽሐ፡ ኣልኣዛር ሞይቱስ፡ ካብ ዝቕበር ኣርባዕተ መዓልቲ ከም ዝገበረ ሰምዐ።
ጐይታ!
ጐይታይ ንስኻ ኣብዚ እንተትነብር፡ ሓወይ ኣይምሞተን ነይሩ!
ማርታ! ሓውኺ ኽትንስእ እዩ።
እወ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ትንሳኤ ከም ዝትንስእ እፈልጥ እየ።
ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ፡ ብህይወት ኽነብር እዩ። ማርታ፡ እዚ'ዶ ትኣምኒ እኺ?
እወ ጐይታይ፡ ንስኻ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለ መድሓኒ ወዲ ኣምላኽ ምዃንካ ኣሚነ ኣለኹ።
ኣበይ ኢኹም ኣንቢርኩምዎ?
ንዓ'ሞ ርአ፡ ጐይታይ!


ክሳዕ ክንደይ ከም ዘፍቅሮ ርኣዩ!
የግዳስ፡ ኣልኣዛር ንኸይመውት፡ ክከላኸል'ዶ ኣይምኸኣለን?
እቲ ዝሞተ ብዓለባ ተገኒዙ፡ ኣብ ውሽጢ በዓቲ ናይ ከውሒ ተነቢሩ ኣሎ።
ነዚ ኣብ ቅድሚ መቓብር ዘሎ እምኒ ኣልዕልዎ!
ጐይታይ፡ ኣርባዕተ መዓልቲ እዩ ገይሩ፡ ጨንዩ እዩ። . . . .
ክብሪ ኣምላኽ ክትርእዩ ኢኹም።
ኣቦይ፡ እዞም ኣብዚ ደው ኢሎም ዘለው ሰባት፡ ኣነ መን ምዃነይ ንኽፈልጡ እዚ እገብሮ ኣለኹ።
ኣልኣዛር፡ ንዓ ውጻእ!
ፍትሕዎ ይኺድ ሕደግዎ!


እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለው መራሕቲ፡ ብዛዕባ ኢየሱስን ሰዓብቱን መሊሶም ኣዝዮም ተጨነቑ።
እዚ ሰብኣይ ብጣዕሚ ብዙሕ ተኣምራት ይገብር ኣሎ።
ስቕ ኢልና እንተሓዲግናዮ፡ እዞም ሮማውያን ስጉምቲ ኽወስዱ እዮም!
ንቤተ መቕደስናን ንህዝብናን ከጥፍእዎ እዮም።
ሕሰቡ! ኩሉ ህዝቢ ካብ ዝጠፍእስ፡ ሓደ ሰብኣይ ምእንቲ ኹሉ እንተ ሞተዶ ኣይሓይሽን?
ስለዚ ድማ እዩ፡ ኢየሱስ ክቕተል ዘለዎ!
ሓደ ሰብኣይ ምእንቲ ኹሉ ሰብ ክመውት ኣለዎ! ስለዚ ድማ እዩም እቶም መራሕቲ ሃይማኖት፡ ንኢየሱስ ክሕዙሉ ዝኽእሉ ኣጋጣሚ ዝደልዩ ዝነበሩ። ንሱ ናብ የሩሳሌም ጉዕዞኡ ጀሚሩ ነይሩ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ። ንሳቶም፡ እቶም ሮማውያን ንኢየሱስ ንሞት ክፈርድዎ ይደልዩ ነይሮም።



ኣብ መንጎ፡ ኣብ ቢታንያ በዓል ኣሎ ....
ማርያም!
ብላሽ! እዚ ሽቱ ዋጋኡ ክቡር እዩ።
ክንሸጦ ምኽኣልና። እቲ ገንዘብ ክኣ ንድኻታት ክንህቦም ንኽእል ኔርና።
ይሁዳ፡ ሕደጋ። ንመዓልቲ ቀብረይ ኢላ ዘቐመጠቶ ቅዱይ ቅብኢ እዩ።


ኣብ ቐረባ እዋን በዓል ፋሲጋ ክበዓል እዩ። ብዙሕ ህዝቢ ድማ ናብ የሩሳሌም ይጉዓዝ ኣሎ። ኣብቲ መቕደስ ድማ መስዋእቲ ከቕርቡ እዮም....



እንዳደለይዎ ኸለዉስ፡ ኢየሱስ ግና ናብታ ከተማ ኣተወ...




እቲ ህዝቢ ዕልል ኢሉ ተቐበሎ .........
ኣየ'ወ!
ሆሳእና!
እቲ ብሽም እግዚአብሄር ዝመጽእ፡ ንሱ ብሩኽ ይኹን!
ንጉስ እስራኤል!
ኣቲ የሩሳሌም፡ ከመይ ጌርኪ ሰላም ከም እትረኽቢ እንተትፈልጢ ኔርኪ፡ ንስኺ ግና ኣይደለኽን።
ነዚ ነገር እዚ ደው ከብሎ ኣለዎ!
ዓለም ብምሉኡ ደድሕሪኡ ይስዕብ ኣሎ።


እቲ ኣብ ዋና ከተማ ዘሎ ቤተ መቕደስ፡ ቀንዲ ናይ ኣይሁድ ሃይማኖታዊ ስፍራ እዩ።
ኣብ እዋን በዓል ፋስጋ፡ ገንሸላት ተሓረዱ ....
እቶም ህዝቢ ካብ ሓጢኣቶም መታን ክነጽሁ፡ እቶም ገንሸላት ኣብቲ ቤተመቕደስ ንመስዋእቲ ቅረቡ . . . .
ግናኸ፡ ኣየናይ መስዋእቲ ገንሸል እዩ፡ ንሰባት ካብ ገበኖምን ውርደቶምን ካብ ፍርሒ ናይ ፍርድን ነጻ ከውጽኦም ዝኽእል?
ኣብቲ ደገ ቤተ መቕደስ፡ ሰባት ኣብ ንግድን ገንዘብ ኣብ ምሽራፍን ተጸሚዶም ነበሩ።
ብሃንደበት ኢየሱስ ኣብኡ ተረኸበ ...



ቤት ኣምላኽ'ሲ ቤት ጸሎት እዩ ክኸውን ዘለዎ። ንስኻትኹም ግና፡ መውዓሊ ጒሓሉት ጌይርኩሞ ኣለኹም።
ብጣዕሚ ሓደገኛ ሰብኣይ እዩ! ኩሎም ሰባት ግና ጽን ኢሎም ይሰምዕዎ ኣለው።
ንዕኡ ከነጥፍኣሉ ዘኽእለና ምቹእ ሃዋህው ክንደሊ ኣሎና።


ንኽንሕዞ ገለ ሜላ ክንረክብ ኣሎና፡ ድሕሪኡ ክንቀትሎ ንኽእል።
ግናኸ፡ ኣብ እዋን እቲ በዓል ክኸውን የብሉን። ኣብ ጊዜ ፋሲጋ ዕግርግር ክይህሉ።
ንኸትሕዞ ክንደይ ትህቡኒ?
እዚ ሓደ ካብ ደቂ መዛሙርቱ ዝኾነ ይሁዳ እዩ።
ንኢየሱስ ንዓኹም ኣሕሊፈ ክህቦ እየ!
ንኢየሱስ እንተሓቢርካና፡ ሰላሳ ቕርሺ ክንህበካ ኢና። ዋጋ ባርያ እዩ።


ቅድሚ በዓል ፋሲካ፡ ኢየሱስ ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ መቕደስ ዝነበሩ ሰባት ይዛረቦም ነበረ። የሩሳሌም ከም ትተሓዝ፡ ኩሉ ሰብ ድማ ክሃድም ከም ዘለዎ ትንቢት ነገሮም። ንሱ ግና ንዕኦም ምፍቓሩ ክቕጽሎ እዩ። ምስ ወድአ፡ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ገንሸል ፋሲጋ ንኸዳልዉ ሓተቶም።
ኣጋ ምሸት፡ ኢየሱስን ዓሰርተ ክልቴኦም ደቐ መዛሙርቱን ብሓደ ተኣከቡ።
ሎሚ ምሸት ኽገብሮ እየ!


ቕድሚ ስቓየይ፡ እዚ ገንሸል ፋሲጋ ምሳኹም ንምብላዕ እደሊ ነይረ እየ።
ንኻልኦት ዓበይቶም ከም ዝመልክዎም፡ እቶም ሸየምቶም ድማ ከም ዝገዝእዎም ትፈልጡ ኢኹም። ኣባኻትኩም ግና ከምኡ ኣይኹን።
እቲ ካባኻትኩም ብብዝሒ ዘገልገለ፡ ንሱ መራሒኹም ክኸውን እዩ።
ኣነ ኣብ ማእከልኩም ከም ኣገልጋሊ እየ።


ጐይታይ፡ ከም ባሪያ ኼንካ ዲኻ እግረይ ክትሓጽበኒ፧ ብፍጹም! ኣይከውንን!
ጴጥሮስ፡ ኣነ እንተዘይሓጸብኩኻ፡ ምሳይ ግደ የብልካን።
ጐይታ፡ ርእሰይን ኣእዳወይን ድማ በል ሕጸበኒ!
እቲ እተሓጽበ፡ ኵለንትናኡ ንጹህ እዩ እሞ፡ ብጀካ ኣእጋሩ ካልእ ምሕጻብ ኣየድልዮን እዩ።
ጐይታን መምህርን ኢልኩም ትጽውዑኒ ኣለኹም፡ ከምኡ ድማ እየ። ኣነ ንዓኻትኩም እግርኹም ከም ዝሓጸብኩኹም፡ ንስኻትኩም ድማ ንሓድሕድኩም ከምኡ ግበሩ።
ካብ ማእከልኩም ሓደ ሰብ ኣሕሊፉ ክህበኒ እዩ።
ብፍጹም!
ኣነ ኣይኮንኩን፡ ሓቀይ?
ይሁዳ፡ እቲ ክትገብሮ እትደሊ ቀልጢፍካ ግበሮ!



እዚ ንመዘከርታይ ኢልኩም ኩሉ ሳዕ ግበርዎ።
እዚ ሕብስቲ ብልዕዎ፡ ስጋይ እዩ።
ካብዚ ወይኒ ስተዩ፡ እዚ፡ ንሕድገት ሓጢኣትኩም ዝፈስስ ደመይ እዩ። ኣምላኽ ብኸምዚ መገዲ ምሳኹም ሓድሽ ኪዳን ኣትዩ ኣሎ።
ሓዲሽ ትእዛዝ እህበኩም፡ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ጌርኩም፡ ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ።
ኣብ ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም፡ ደቀ መዛሙርተይ ምዃንኩም ኹሉ ሰብ ክፈልጥ እዩ።
ጐይታ፡ ናብ ኩሉ ቦታ ክስዕበካ እየ፡ ህይወተይ'ውን ስሌኻ ክውፊ እየ።
ጴጥሮስ፡ ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ሻዕ ክትክሕደኒ ኢኻ።


ምስ መሰየ፡ ኢየሱስን ሰዓብቱን ነታ ከተማ ሓዲጎም ወጹ። ይሁዳ ግና ምስኦም ኣይነበረን።
ኣነ ክሓድገኩም እየ፡ ኣቦይ ግና መንፈስ ቅዱስ ክልእከልኩም እዩ። ንሱ ክሕግዘኩም እዩ፡ ኵሉ ሻዕ'ውን ምሳኻትኩም ክኸውን እዩ።
ኣነ ናበይ ከም ዝኸይድ ትፈልጡ፡ ነቲ መገዱውን ትፈልጥዎ ኢኹም።
ኣነ መገድን ሓቅን ህይወትን እየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦይ ዚመጽእ የልቦን።
ኣብዚ ጽንሑ። ቁሩብ ርሕቕ ኢለ ክጽሊ ክኸይድ እየ።
ኣቦይ፡ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ እዚ ስቓይ ካባይ ይርሓቕ።
ግናኸ ፍቓድካ እምበር፡ ናተይ ፍቓድሲ ኣይኹን!



ከመይ ኢልኩም ኣብዚ እዋን እዚ ትድቕሱ፡ ተንስኡ! እነሆ እቲ ኣሕሊፉ ዝህበኒ ይመጽእ ኣሎ።
ነቲ ዝስዕሞ ሰብኣይ ሓዝዎ።
ከመይ ኣሎኻ መምህር?
ይሁዳ፡ ንመድሓኒ'ዶ ብምስዓም ኣሕሊፍካ ትህቦ ኣሎኻ?
ጐይታ፡ ክንወቅዕ'ዶ?
ግደፉ!
ኢየሱስ ስቕ ኢሉ ምስ ተታሕዘሎም፡ እቶም ሰዓብቱ ፋሕ ኢሎም ሃደሙ።



ኢየሱስ፡ ናብቲ ሊቀ ካህን፡ማለት ሓላፊ ናይ ኩሎም ኣይሁዳውያን መራሕቲ ተወሰደ። ጴጥሮስን ዮሃንስን ብማዕዶ ኰይኖም ይኸታተሉ ነበሩ።
ጴጥሮስ ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ቐጽሪ ኣተወ።
ንስኻስ ምስኡ’ዶ ኣይነበርካን?
ኣይነበርኩን! ብፍጹም እዚ ሰብኣይ ኣይፈልጦን እየ።
ንስኻ ሓደ ካባታቶም'ዶ ኣይኮንካን?
ብርግጽ ኣይኰንኩን!
ኣዚየ ርግጸኛ እየ! ኣብኡ ኔርካ ኢኻ! ንስኻ ገሊላዊ ኢኻ!
ብዛዕባ እንታይ ትዛረብ ከም ዘሎኻ ኣይፈለጥኩን።


ኩኩኩሉ .......
ኢየሱስ ናብ ጴጥሮስ ገጹ ቁሊሕ በለ . . . .
እስኪ ተነበየልና! መን እዩ ዝወቕዓካ?
ኢየሱስ ናብቲ ኣኼባ መራሕቲ ኣይሁድ ተወስደ፡ ንግሆ ድማ ነበረ። እቲ ሊቀ ካህናት ከኣ ንኢየሱስ መርመሮ።
ንስኻ'ዶ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ?
ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ።
ንኣምላኽ ጸሪፍዎ! ክመውት ይግብኦ እዩ። ሮማውያን እስከ ይፈትንዎ!


ኢየሱስ፡ ናብቲ ሮማዊ ኣማሓዳሪ ከተማ፡ ናብ ጲላጦስ ተወስደ። መራሕቲ ኣይሁድ ነቲ ዝዕዘብ ዝነበረ ህዝቢ ኣለዓዓልዎ። ዝተፈላለየ ክስታት እናጠቐሱ ይጭድሩ ነበሩ ....
ብዛዕባ እዚ ትኽሰሰሉ ዘሎኻ ክስታት እንታይ ትብል? ወላ ሓንቲ?
እንታይ ኢኻ ጌርካ?
ንሓቂ ክምስክር እየ መጺአ።
ሓቂ እንታይ እዩ?
ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩሉን። በዓል ፋሲጋ ስለ ዝኾነ ንመን ክፈትሓልኩም? ንበርባን'ዶ ወይ ንንጉስ ኣይሁድ?


ንበርባን!
ንበርባን ፍትሓዮ!
ነዚ ኢየሱስ ዝበሃልከ እንታይ ኽገብሮ ኢኹም ትደልዩ?
ስቐሎ!
ንጉስ እየ እዩ ዝብል!
እንተ ፈኒኻዮ፡ ንስኻ ፈታዊ ቄሳር ኣይኮንካን።
ኣብ ክንድኡ ንስኻ ተፈቲሕካ ኣሎኻ።
በርባን ምስ ኢየሱስ ብምቅይያር ተፈትሐ። ንሱ ብቕትለት እዩ ገበነኛ ኾይኑ ተታሒዙ ዝነበረ.....
.... 37, 38, 39!
ካብ ደሙ ንጹህ እየ።
ሰላም ንዓኻ ንጉስ አይሁድ!


ርኣይዎ! እዚ ሰብኣይ!
ስቐሎ!
ኣርሕቆ!
ስቐሎ!
ጲላጦስ ነቲ ውሳኔ ፈሪሙሉ። ኢየሱስ፡ ዝስቀለሉ መስቀል ተሸኪሙ ብመገድታት የሩሳሌም ክኀዓዝ ኔርዎ።
እቲ ዝስቀለሉ ቦታ ካብቲ ከተማ ወጻኢ እዩ። እቲ በሪኽ ቦታ ጎልጎታ ይበሃል። ትርጉሙ ድማ፡ ቀረንቀራ ርእሲ ማለት እዩ።
እቶም ወተሃደራት፡ ንኢየሱስ፡ ኣብቲ መስቀል ብመስማር ሸንከርዎ።



ኣብ መንጎ፡ ይሁዳ በቲ ዝገበሮ ተጣዕሰ ....
ጌጋ ገይረ።
ንጹህ ደም እየ ኣሕሊፈ ሂበ።
እንታይ እዩ እሞ እዚ ንዓና? ናትካ ጉዳይ እዩ!
ኢየሱስ ኣብ ማእከል ክልተ ከተርቲ ተሰቕለ።
ኣቦ፡ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በሎም።


ኣብ ልዕሊ'ቲ መስቀል ብሰለስተ ቋንቋ ዝተጸሕፈ ጽሑፍ፡ 'ኢየሱስ ንጉስ ኣይሁድ' ዝብል ገበርሉ።
IESVS NAZARENVS REX IVDAEORVM
ምስ ሓሞት እተሓሰ መጺጽ ወይኒ ሃብዎ። ኢየሱስ ግና ምስታዩ ኣበየ።
እቶም ወተሃደራት ድማ ንኽዳኑ ዕጫ ኣውደቑሉ።
እወ! ንኻልኦት ኣየድሓነን ድዩ፧
ወዲ ኣምላኽ እንተ ድኣ ኼንካስ፡ ንዓ ካብቲ መስቀል ውረድ!
ንርእስኻን ንዓናን ኣድሕን!
እስከ ቑሩብ ንኣምላኽ ኣኽብሮት ኣርኢ። ንሕናስ ዝግብኣና ኢና ረኺብና፡ እዚ ሰብኣይ ግና ዝኾነ ጌጋ ኣይገበረን።
ጐይታ ብመንግስትኻ ምስ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ!
ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን ብሓቂ እብለካ ኣለኹ።



ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ፡ ንሰለስተ ሰዓት ምሉእ ፈጺሙ ጸልመተ።
ማርያም ኣደ ኢየሱስን፡ ዮሃንስ ወዲ መዝሙሩን ይዕዘቡ ነበሩ ....
ሕጂ ኣደን ውላድን ኢኹም።
ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ፡ ንምንታይ ሓደግካኒ?
ጸማእኩ!
ኣቦይ፡ ነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቁባ ኣለኹ።
ተፈጸመ!


ድሕሪ ቐትሪ፡ ኣብ ታስዐይቲ ሰዓት፡ ኢየሱስ ነፍሱ ወጸት። ሓደ ወተሃደር ድማ ንኢየሱስ ብኾናት ጐድኑ ወግኦ። ደምን ማይን ድማ ፈሰሰ። ልቡ ድማ ተሰብረ ...
ኣብቲ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ከምዚ ይብል፡ “ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ”።
“ብሰሪ ጌጋና ተኸትከተ፡ ምእንቲ ሓጢኣትና ድማ ሞተ”
ንሱ ድዩ እቲ ክመጽእ እዩ ዝተባህለ መድሓኒ፡ ወይስ ኣይኰነን?
ንዑ፡ ክንቀብሮ ንኽእል እንተ ኾይንናስ ክንሓትት ኢና።
ዮሴፍ ወዲ ኣርማትያስን ኒቆዲሞስን፡ ንስጋ ኢየሱስ ካብቲ መስቀል ኣውረድዎ። ብዓለባ ገኒዞም ከኣ ኣብቲ ናቶም ናይ ከውሒ በዓቲ ኣንበርዎ።


ድሕሪ እተን ንፋሲካ ተባሂለን ዝተመደባ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት፡ ገለ ካብተን ኣንስቲ ናብቲ በዓቲ ከዳ .....
እቲ ዓብይ እምኒ ተገልቢጡ ነበረ!
ንምንታይከ ነቲ ህያው ኣብ መንጎ ምውታት ትደልያኦ ኣለኽን፧ ንሱ ተንሲኡ እዩ። ኺዳ ንደቀ መዛሙርቱ ንገራኦም!
ጴጥሮስን ዮሃንስን እዚ ምስ ሰምዑ፡ ናብቲ በዓቲ (መቓብር) ጐየዩ።
እንታይ እዩ ኣጋጢሙ?
ፈጺሙ ባዶ እዩ!



ኣብ ደገ፡ ኣብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ...
ኣቲ ሰበይቲ፡ ስለምንታይ ትበኽዪ ኣሎኺ? ንመን ትደልዪ ኣሎኺ?
ሓላዊ ኣታኽልቲ፡ ወሲድካዮ ዲኻ?
ማርያም!
መምህር!
ኣይትተንክይኒ፡ ኬድኪ ንኣሕዋተይ፡ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን፡ ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን፡ እኸይድ ኣለኹ ኢልኪ ንገርዮም።



ሽዑ መዓልቲ፡ ክልተ ሰዓብቲ ኢየሱስ ብጓዚ ምስ ሓደ ሓላፊ መገዲ፡ ብዛዕባ ሞት ኢየሱስ ክዘራረቡ ጀመሩ።
ነቶም ነብያት'ዶ ኣይትኣምንዎምን ኢኹም፧ ክርስቶስ ናብ ክብረቱ ንኽኣቱ፡ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ክጸግብ ግዲ'ዶ ኣይኮነን። እዚ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ኣሎ። ኩሉ እቲ ጽሑፍ ድማ ብዛዕባኡ እዩ።
ሕብስቲ እንዳሃቦም ከሎ፡ እቲ ጋሻኦም ብቕጽበት ተሰወሮም።
ግናኸ፡ እዝስ ባዕሉ ኢየሱስ እዩ ነይሩ!
ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ብጾቶም ክረኽብዎም ቀልጢፎም ወጹ።
ንጐይታና ርኢናዮ!
ኣቐዲማ ማርያም! ከምኡ ድማ ጴጥሮስ!
ብሃንደበት ........
ሰላም ንዓኹም ይኹን!
ኣነ ከምዝኾንኩ'ዶ ኣይኣመንኩምን? ኣእዳወይን ኣእጋረይን ዳህስስዎ!
ጐይታይን ኣምላኸይን!



ኢየሱስ፡ ንኣርብዓ መዓልቲ ዝኣክል ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ይረኣዮም ነበረ። ን500 ዝኾኑ ሰባት ድማ ብሓንሳእ ተራእዮም። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ገሊላ ተመልሱ። ሓደ መዓልቲ እንደገና ዓሳ ይገፉ ነበሩ ....
ኣቱም ሰባት! ገለ ዝብላዕ'ዶ ኣለኩም?
የብልናን፡ ወላ ሓንቲ ኣይሓዝናን!
መርበብኩም ናብቲ ሓደ ሸነኽ ኣቢልኩም ደርብይዎ!
ኣንታ! እንታይ ዝበለ ምሓዝ ድኣ እዩ።
እዝስ ጐይታ እዩ!
ጐይታ!
ንዑ ምሳይ ብልዑ!


ጴጥሮስ፡ ብሓቂ'ዶ ተፍቅረኒ ኢኻ?
ኢየሱስ ንጴጥሮስ እዚ ሕቶ እዚ ሰለስተ ሳዕ ሓተቶ............
እወ ጐይታይ፡ ከም ዘፍቅረካ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ።
ኣባጊዔይ ሓሉ።
ስዓበኒ!
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኵሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ንዅሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም።
ዘክሩ! እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።
ድሕሪ እዘን ቃላት እዚኣን፡ የሱስ ነዛ ዓለም ገዲፉ፡ ናብ ሰማይ ዓረገ። ግናኸ ተመሊሱ ከም ዝመጽእ ድማ ተዛረበ።



ብድሕሪኡ፡ ሰዓብቲ ኢየሱስ ይጽልዩ ነበሩ። ድሕሪ ሓምሳ መዓልቲ፡ ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ፡ መንፈስ ቅዱስ ወረደ። እቲ ኣብ ኢየሱስ ዝነበረ መንፈስ፡ ሕጂ ድማ ኣብኦም ከምኡ'ውን ኣብቶም ብእኡ ዝኣምኑን ይነብር። ምኽንያቱ ገና ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ኢየሱስ ይሰምዑ ኣለው። እቶም ሰዓብቱ ብርቱዓት ምስክር ናቱ እዮም።
ኣቱም ሰባት፡ ስምዑ! ንየሱስ ሞት ኣጽኒዑ ክሕዞ ኣይከኣለን። ኣምላኽ መሊሱ ህያው ገይሩ ጐይታ ገበሮ። ኢየሱስ እዩ ንመጀመሪታ ናብ ክብሪ ኣምላኽ ዝኣተወ። እቲ ክብሪ እቲ፡ ንዓና ውን ዝተዳለወ እዩ!
ሰዓብቲ ኢየሱስ ዓቢ ተቓውሞ እንተሃለዎም እኳ፡ ንሳቶም ግና ናብ ብዘላ ዓለም ወጹ።
ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ እዩ! ንሕና'ውን ውሉድ ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና!
እዚ መልእኽቲ፡ ብመልክዕ ደብዳበ ድማ ተነግረ።
ኣነ ብዛዕባ እዚ ጽቡቕ ዜና ኣይሓፍርን እየ። እዚ ንሰባት ዘድሕን ሓይሊ ኣምላኽ እዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ፡ “ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጾሮ፡ ብቑስሉ ኢኹም ዝሐዌኹም። ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጾሮ፡ ብቑስሉ ኢኹም ዝሐዌኹም።”
እዚ መልእኽቲ ኢየሱስ፡ ናብ ኩላ ዓለም ይበጽሕ ኣሎ። ስለዚ ድማ፡ ብዙሓት ሰባት ንኢየሱስ ኣጸቢቖም ንክፈልጥዎ ኩሉ ጊዜ ብሓደ ይእከቡ እዮም። ብጸጋ ኣምላኽ ድማ ይነብሩ። ንሓድሕዶም ፍቕሪ ኣለዎም፡ ሓገዝ ንዘድልዮም ሰባት ድማ ይሕግዙ። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ የንብቡ። ንሓድሕዶም ይጸላለዩ። መዝሙር ውዳሴ ድማ ይዝምሩ። መኣዲ ይቖርሱ፡ ካብታ ጽዋእ ወይኒ ድማ ይሰትዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ነቲ ሕድገት ሓጢኣት ረኺብና ዝብል እምነቶም የበርትዖ እዩ። ከምኡ ድማ፡ ሓድሽን ዝበርትዔን ህይወት ረኽቡ።.


ኢየሱስ፡ ሰባት ብሰላም ሓቢሮም ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ገበረ።
ብዛዕባ ፍቕሩ ኣመስግን! ንፍቕሩ ተቐበሎ! ኣምልኮ ድማ!
ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ኣምላኽ ንወዱ፡ ዓለም ብእኡ ኽትድሕን እምበር፡ ንዓለም ኪፈርዳስ ኣይለኣኾን።
WILLEM DE VINK

# መጽሓፍ ቅዱስ

ታሪኽ ኢየሱስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ። ከም መጽሓፍ ቅዱስ ገይሩ ተደጋጊሙ ዝተነበበ መጽሓፍ የለን። ኣብ ውሽጡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ። እዚ ኩሉ መጻሕፍቲ ንኽጽሓፍ 1500 ዓመት ወሲዱ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ 1900 እዩ ተዛዚሙ። ኣምላኽ ኣብ ህይወት ናይ ሰባት ብኸመይ ከም ዝተሳተፈ ዘርኢ ኩሉ ዓይነት ታሪኽ ዝሓዘ እዩ። ታሪኽ ኢየሱስ እግዚኣብሄር መን ምዃኑ ብግልጺ የርእየና።

# እቲ ታሪኽ ኢየሱስ



መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ኢየሱስ ዝገልጹ ኣርባዕተ መጻሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሐዘ እዩ። እቶም መጻሕፍቲ፡ በቶም ዝጸሐፍዎም ሰባት እዮም ተሰምዮም። እቶም ጸሓፍቲ ኹሎም ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበሩ እዮም።

1. **ማቴዎስ፦** ሰዓቢ ኢየሱስ። ከም ኣካቢ ግብሪ ኾይኑ ይሰርሕ ኔሩ። ንሱ፡ ኢየሱስ ምስ ህዝቢ እስራኤል(ኣይሁዳውያን) ብኸመይ ይኸይድ ከም ዝነበረ ብፍላይ ይገልጽ።

2. **ማርቆስ፦** ኢየሱስ ስርሑ ክሰርሕ ከሎ፡ ማርቆስ ገና ንእሽቶ እዩ ኔሩ። ብዛዕባ ኢየሱስ ዝገበሮም ተኣምራታት ዳርጋ ሓጺር እዩ ጽሒፉ።

3. **ሉቃስ፦** ናይ ሕክምና ዶክተር እዩ ነይሩ። ንኢየሱስ ብግሉ ኣይፈልጦን እዩ። ኢየሱስ ኣካይዳኡ ምስ ህዝቢ ከመይ ከም ዝነበረ ሉቃስ ገሊጹ ኣሎ።

4. **ዮሃንስ፦** ንሱውን ሰዓቢ ኢየሱስ እዩ ነይሩ። ብቐንዱ፡ ኢየሱስ መን ከምዝኾነ የርኢ። ኢየሱስ ኣምላኽ እዩ። ንህዝቢ ኻብ ሓጢኣቶም ነጻ ንኽውጽኦም ከኣ ሰብ ኮይኑ።

## ምውላድ ኢየሱስ

ማርያም ኣደ ኢየሱስ፡ ኢየሱስ ክጥነስ ከሎ፣ኣይተመርዓወትን ነይራ። ንሱ ክሳዕ ዝውለድ ድንግል እያ ነይራ። እግዚኣብሄር ኢየሱስ ኽውለድ ነገራት ኣመዓራረየ። እዚ ትእምርቲ እዚ ኣቐዲሙ ቅድሚ ናይ ኢየሱስ ጊዜ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተሓቢሩ ነይሩ እዩ። ኢየሱስ ከም ሓደ ጅግና ወይ ፍሉይ ኰይኑ ኣይኰነን ተወሊዱ። ካልእ ክፍሊ ስለ ዘይተረኽበ፡ ኣብ መብልዕ ማል እዩ ተወሊዱ።


## ተኣምራት ናይ ኢየሱስ

ኢየሱስ ብዙሕ ተኣምራት እዩ ገይሩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኸውን ፈውሲ(ፍወሳ) ተጠቒሱ ኣሎ። ኢየሱስ በዞም ዝተፈጸሙ ተኣምራት ኣቢሉ፡ ሓይሊ እግዚኣብሄርን ፍቕሩን፡ ከምኡ ውን ንሰባት ክሕግዝን ከሐጉሶምን ከም ዝደሊ ኣርእዩ።





# ሞት ኢየሱስን
# ትንሳኤኡን



***ኢየሱስ ንምንታይ እዩ ሞይቱ? እቲ መብርሂ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተዋሂቡ ኣሎ።***

ኵሉ ሰብ ኣብ ዝኾነ ጊዜ፡ እግዚአብሄር ዘይቕበሎ፡ ንዕኡ ዘቐጥዖ ወይ ዘሕዝኖ ጌጋ ነገራት ይገብር እዩ። እዚ ድማ ሓጢኣት ይበሃል። እዚ ኹሉ ሓጢኣት፡ ሰባት ምስ ኣምላኽ ከይፈቐሩ ይኽልክሎም።
ስለዚ ድማ እዩ ኢየሱስ ዝመጸ። ከይተገደደ ብነጻ ድልየት(ብድልየቱ)፡ መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣትና ኣብኡ ክወርድ ፈቒዱ። እቲ መቕጻዕቲ ድማ ሞት እዩ ነይሩ። ኢየሱስ ምእንታና ኢሉ ካብ ዝመውት ጀሚሩ፡ ንሕና መሊስና ኣዕሩኽ ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና። ብዛዕባ እቲ ዝገበርናዮ ጌጋ ግና፡ ይቕሬታ ክንሓትት የድልየና እዩ።
ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ፡ ኣምላኽ እንደገና ህያው ጌርዎ። ንሱ ካብ ሞት ከም ዝሕይል፡ ኣምላኽ በዚ ኣቢሉ ኣርእዩና።
ኢየሱስ ሕጂ ምስ ኣምላኽ ይነብር ኣሎ። ስለዚ ንሱ ህያው ስለ ዝኾነ፡ ንኹሉ ጊዜ ሓጋዚና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሱ በቲ ንኣምላኽ ከሐጉሶ ዝኽእል መንገዲ ንኽንነብር ክሕግዘና ይደሊ እዩ።

## ጸሎት

*እንድሕር ድኣ ብዛዕባ እቲ ዝገበርካዮ ጌጋ ነገራት ተጣዒስካን፡ ምስ ኣምላኽ ክትተዓረኽ ደሊኻን፡ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፡-*
*“ክቡር ኣምላኽ፡ ተፍቅረኒ ኢኻ።*
*ነቲ ሓደ ወድኻ፡ ንኢየሱስ ወፊኻ።*
*ንሱ ብዛዕባ እቲ ኣነ ዝገበርክዎ ኩሉ ጌጋታት፡ ኣብ መስቀል ሞይቱ።*
*በጃኻ ብዛዕባ እቲ ዝገበርክዎ ጌጋታት ይቕረ በለለይ። ኣይትሓዘለይ።*
*ኢየሱስ ኣብ ጐነይ ስለ ዝኾነ ኣመስግነካ ኣለኹ።*
*ናትካ ክኸውን ኩሉ ጊዜ እየ ዝደሊ።*
*በጃኻ ከምቲ ንስኻ እትደልየኒ ኾይነ ክነብርሲ ሓግዘኒ።*
*ኩሉ ጊዜ ምሳይ ኣብ ጐነይ ኩን።*
*ጸሎተይ ስለ ዝመለስካለይ ኣመስግነካ ኣለኹ።*
*ዝበልካዮ ቃል ትገብሮ ኢኻ።*

# ኢየሱስን ንስኻን!

ታሪኽ ኢየሱስ ኣይተዛዘመን፡ ኢየሱስ ቀደም፡ ከምኡውን ሕጂ፡ ፈታዊ ብዙሓት ህዝቢ ኰይኑ እዩ። ዓለም ተለዊጣ እያ። መብዛሕትኡ ህዝቢ፡ ኣብ ኣድጊ ወይ ድማ ኣብ ፈረስ ተሰቒሉ ዘይኰነስ፡ ብማኪናን ብነፋሪትን እዩ ዝጒዓዝ። ይኹን እንበር እዚ ንናይ ኢየሱስ ነገር ኣይለወጦን። ከምቲ ኣብ እስራኤል ዝጒዓዞ ዝነበረ፡ ልክዕ'ውን ከምኡ ቀረባና ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት ዘይርኤ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግና ብርግጽ ናይ ሓቂ እዩ። ሎሚ ዓርክኻ ክኸውን ይደሊ። ኽትሰምዖን ከተፍቅሮን ይግብኣካ እዩ።

ብዛዕባ ኢየሱስን ምስኡ ምምልላስን ብተወሳኺ ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ? እሞ እዚ ዝስዕብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡-

**1.ንገዛእ ርእስኻ ኢልካ መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብብ ጀምር።**
(ንኣብነት ብሉቃስ ዝተጻሕፈ ክፍሊ ብምንባብ ጀምር)

**2.ምጽላይ ጀምር።**
(ምስ ኣምላኽ ምዝርራብን ንዕኡ ምስማዕን። ፍሉያት ቃላት ክትጥቀም ኣየድልየካን እዩ።)

**3.ብዛዕባ ኢየሱስን መጽሓፍ ቅዱስን ምስ ካልኦት ሰባት ተዛራረብ።** ኢየሱስ፡ እቶም ሰዓብቱ ብሓንሳእ ክራኸቡን፡ ዝያዳ ብዛዕባኡ ምስ ዝመሃሩ ኸኣ፡ ንሓድሕዶም ክበረታትዑ ይደሊ እዩ።



*ጽሑፍን ስእልን፡ ዊልያም ደ ቪንክ*
*መሰል ቅዳሕ © 1993 Stichting Wereldtaal, Houten, The Netherlands.(ማሕበር ቋንቋ ዓለም፡ ሃውተን፡ ኔዘርላነድ)።*
*"ኢየሱስ መድሓኒ" ብዝብል ብኔዘርላንድ ተሓቲሙ። ብትግርኛ ©2020, 2024 Tigrinya (Eritrea)። ኣሃዛዊ ናይ ቅዳሕ መሰል፡ ኣብ ትሕቲ ውዕል ናይ The Creative Commons BY-SA ሊቸንሳ ኰይኑ፡*
*ኹሉ ናይ ምትርጓምን ምብዛሕን ምምሕያሽን ንኹለን ሃገራት ዝተዓቀበ እዩ።*
*ኢሜል፡- jmpbk.app@gmail.com*
*https://www.jesusmessiahcomicmedia.com*

*ኢየሱስ መድሓኒ፡- እዚ ናይ ኢየሱስ መድሓኒ ሓቀኛ ታሪኽ እዩ። ንሱ ቕድሚ 2000 ዓመት ኣቢሉ ኣብ እስራኤል ይነብር ኔሩ። ምስኡ ዝተራኸቡ ኵሎም ድማ ይግረሙ ኔሮም። ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ዝገበረ የለን። ከምቲ ንሱ ዝተዛረቦ ዝተዛረበ የለን። ኢየሱስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ተኣምራት ቀጻሊ ይርኤ ነይሩ። ንሱ ነቶም ተገዲሶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ኩሎም፡ ሓጐስን ባህታን ኣምጺኡሎም። ይኹን እምበር ሃንደበት ተቓሪጹ። ጸላእቱ ቀቲሎሞ። እዚ ግና ናይ መወዳእታ ኣይነበረን። ብኸመይ ከም ዝተፈጸመ ባዕልኻ ኣንብቦ ከምኡ ድማ ታሪኽ ናይ ኢየሱስ መድሓኒ ከመይ ከም ዝቕጽል ርአ።*



*ቋንቋ: ትግርኛ*
*Language: Tigrinya (Eritrea)*
*ISBN: 978-90-73150-87-4*